ካቶሊካዊ ርእሰ ኤጳርቅና ዘበአሥመራ
አሥመራ - ኤርትራ

# ለከ ኃይል፣ ክብር ወስብሐት ወዕዘዝ፣ ለዓለመ ዓለም

ንኣኻ፣ ኃይልን ክብርን ስብሓትን ዕበየትን፣ ንዘለዓለም ዓለም

በዓለ ትንሣኤ ፬ ሚያዝያ ፳፻፲፰ ዓ.ም.ግ.፣ 12 ሚያዝያ፣ 2026 ዓ.ም.ፈ.

ክቡር ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ ሎምዘምን እውን ናብቲ ምሥጢር ድኅነትና ዝተፈጸመሉ ኣዝዩ ክቡርን ቅዱስን ጊዜ ብደኃነ ሰላም በጺሕና። ምሥጢር ድኅነት ወይ ፋሲካዊ ምሥጢር ናይ መድኃኒናን ጐይታናን ኣምላኽናን ኢየሱስ ክርስቶስ ሕማማትን፣ ሞትን ትንሣኤን፣ ዕርገትን ዘጠቓልል ዓቢይ ናይ እግዚኣብሔር ናይ ፍቕርን ምሕረትን ስራሕ እዩ። ምእንታና ክብል፣ እግዚኣብሔር ኣቦ፣ ነቲ ሓደ ወዱ፣ ሥጋና ለቢሱ ሰብ ኮይኑ፣ ወንጌል ክሰብከልና፣ ኃጢኣት ዘይብሉ ክንሱ ከም ሓደ ኃጥእ ብሓሶት ተኸሲሱ ክሳቐን ክመውትን፣ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ከኣ ንሞት ኣሸኒፉ ከምዝትንሥእን ገበሮ። *"እቲ ብምሕረት ሀብታም ዝኾነ ኣምላኽ፣ ምእንቲ እታ ብኣኣ ገቢሩ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቕሩ፣ ንኣና ብበደልና ምዉታት ኣኳ እንተነበርና፣ ምስ ክርስቶስ ሕያዋን ገበረና። ብጸጋ ኢኹም ዝደኃንኩም። ኣምላኽ ምስ ክርስቶስ ኣተንሥኣና፣ ብክርስቶስ ገቢሩ ከኣ ኣብ ሰማያት ምስ ክርስቶስ ኣቐመጠና"* (ኤፌ. 2:4-6)። ብሓቂ ከኣ፣ እግዚኣብሔር ገና ኃጢኣተይናታት ከሎና እዩ ኣፍቂሩና። *"ንሕና ገና ኃጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፣ ኣምላኽ ነታ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ በዚ የርኢ ኣሎ"* (ሮማ 5፥8)።

ባዕሉ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ገና ኣብዚ ምድሪ ብሕይወቱ እንከሎ፣ ንሓዋርያቱ፣ *"ንወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሰብ ኣኅሊፎም ክሀብዎ እዮም። ንሳቶም ክቐትሉዎ፣ ብሣልሰይቲ መዓልቲ ድማ ኪንትንሥእ እዩ"* (ማቴ 17:22-23) ቢሉ ከምዝነገሮም፣ ቅድሚ ክብሪ ትንሣኤን ዕበየትን ምልባሱን፣ ኣብ የማን ኣቦኡ ምቕማጡን፣ ምእንቲ ድኅነትና ብዙኅ መከራ ተቐቢሉ። ነቢይ ኢሳይያስ እውን ነዚ ንክርስቶስ ዘጋጠሞ ስቓይን ውርደትን ብትንቢት ኣቐዲሙ ኣስፊሑ ተንቲኑዎ እዩ። ብሓቂ ከኣ እቲ *"ናይ ኃዘን ሰብ"* (ኢሳ 35:3) ኢሉ ዝጸውዖ፣ ብእግዚኣብሔር ዝለኣኸ መድኃኒ፣ *"መልክዕን ውቃበን ኣይነበሮን፣ ምስ ረኣናዮ፣ ዘብህግ ትርኢት ኣይነበሮን። ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን ነበረ፣ ብዓል፣ ስቓይ፣ ብሕማም ዝላደየ፣ ከምቲ ኣብ ቅድሚኡ ገጾም ዝጐልብቡሉ ሰብ፣ ዝተዋረደ ነበረ። ንሕናውን ገለ እኳ ኣይቆጸርናዮን (ዋጋ እኳ ኣይሃብናዮን)። ብሓቂ ንሱ ንሕማምና ጾሮ፣ ንስቓይና ከኣ ኣብ (ነፍሱ) ርእሱ ጸዓኖ፣ ንሕና ግና ብእግዚኣብሔር ከምዝተወቕዐን፣ ከምዝተቐዝፈን፣ ከምዝተዋረደን ገቢርና ቈጸርናዮ። ንሱ ግን ብሰሪ ገበንና ቆሰለ፣ ብሰሪ ኣበሳና ድማ ተኾትከተ፣ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ ኩሉ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፣ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓወና"*(ኢሳ 53:2-5) ብምባል ክርስቶስ ምእንቲ ኃጢኣትና፣ እዚ ዘይበሃል ስቓይ ዝተሳቐየ፣ ምእንቲ ድኅነትና ኢሉ ሕይወቱ ዘወፈየ ገንሸል ኣምላኽ ምዃኑ የረጋግጸና።

ነቲ ንሕና ክንሳቐዮ ዝነበረና ስቓይ እዩ ንሱ ዝጸሮ። በዚ ወሰን ዘይብሉ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣዝዩ ዝተገረመ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፣ *"ኦ ትሕትና ዘመጠነዝ ትሕትና! ኦ ትዕግሥት ዘመጠነዝ ትዕግሥት! ኦ ኣርምሞት ዘመጠነዝ ኣርምሞት! ኦ ኂሩት ዘመጠነዝ ኂሩት! ኦ ፍቅር ዘመጠነዝ ፍቅር! ኣፍቅሮተ ሰብእ"*፣ ኦ ትሕትና፣ ክንድዚ ዝኣክል ትሕትና! ኦ ትዕግሥቲ፣ ክንድዚ ዝኣክል ትዕግሥቲ! ኦ ሱቕታ፣ ክንድዚ ዝኣክል ሱቕታ! ኦ ሕያውነት፣ ክንድዚ ዝኣክል ሕያውነት! ኦፍቕሪ፣ ክንድዚ ዝኣክል ፍቕሪ! ፍቕሪ ደቂ ሰብ! (ቅዳሴ ዮሓንስ ኣፈወርቅ) እናበለ ብተመስጦ ይጽሊ። ኢሳይያስ ደጊሙ፣ *"መከራ ጸገበ፣ ግናኸ ርእሱ ኣኖሪዱ ብትሕትና ተቐበሎ፣ ኣፋውን ኣይከፈተን። ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዝኹብኰብ ገንሸል፣ ከምታ ኣብ ቅድሚ መቀዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣፉ ኣይከፈተን"* (ኢሳ 53:7) ብምባል ነቲ ምእንቲ ፍቕርና ዝጸሮ ስቓይን ውርደትን ይገልጸልና። እንተኾነ ብዕለት ዓርቢ ስቕለት፣ ነቲ ምእንታና ኩሉ ስቓይ ዝተቐበለ ክርስቶስ፣ *"ለከ ኃይል፣ ክብር ወስብሓት ወዕዘዝ፣ ለዓለም ዓለም"* እናበልና እናሰገድና እነዚሞ ዜማ ደኣ ከመይ ኢሉ ምስቲ ስቓይን ውርደትን ይሰማማዕ? ዝብል ሕቶ ክነልዕል ንኽእል ንኸውን። ኣበይ ኣሎ እቲ ኃይሊ?፣ ኣበይ ኣሎ እቲ ክብሪ?።

ቅዱስ ጳውሎስ ኣብቲ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ዝጸሓፎ ቀዳማይ መልእኽቱ፣ *"ነቲ ኣነ ዝተቐበልኩዎ፣ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን ገቢረ ኣመሓላሊፈልኩም እየ። ከምቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝብልዎ፣ 'ክርስቶስ ምእንቲ ኃጢኣትና ሞተ፣ ተቐብረ፣ ከምቲ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ዝብልዎ ከኣ ብሣልሳይ መዓልቲ ተንሥአ"* (1 ቆሮ 15:3-4) እናበለ እምነቱን ተባዕ ምስክርነቱን የካፍለና። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጹም ሰብ ስለዝኾነ፣ ብፍቓዱ ነቲ ሰብኣዊ ኩነትናን ስቓይናን ጥዒሙዎ እዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ፣ እግዚኣብሔር ኣቦ ዝለዓለ ክብሪ ሃቦ። ስለዚ መልእኽቲ ናብ ዕብራውያን፣ *"ኢየሱስ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ከሎ፣ ናብቲ ካብ ሞት ከድኅኖ ዝኽእል፣ ብብርቱዕ ገዓርን ንብዓትን፣ ጸሎትን ምህልላን ኣቕረበ። ንኣምላኽ ዝእዘዝ ስለ ዝነበረ ከኣ ተሰምዐ። ወዲ ኣምላኽ እኳ እንተኾነ፣ በቲ ዝተቐበሎ ስቓይ እዙዝ ምዃን ተማህረ። ዕዮኡ ምስ ፈጸመ ድማ ነቶም ዝእዘዝዎ ዘበሉ ኩላቶም ናይ ዘለዓለም ድኅነት ምኽንያት ኮኖም። ኣምላኽ ከኣ ከም መዓርግ መልከጼዴቅ ሊቀ ካህናት ገበሮ"*(ዕብ 5:7-10) ይብለና።

መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተቐበሎ ሓሳረ መከራ፣ ንኣና ትሩፋት ዘምጽኣልናን፣ ኣብ እምነትናን ተስፋናን ፍቕርናን ዘዕበየናን ዝቕድሰናን ምኽኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። "ከምዚ ከማና ብኹሉ ተፈተነ፣ ግናኸ ኃጢኣት ኣይገበረን፣ ስለዚ ብድኽምና ክድንግጸልና ዘይክእል ሊቀ ካህናት ኣይኮነን። እምበኣር ምሕረት ምእንቲ ክንቕበል፣ ብጊዜ ጸበባውን ንረድኤትና ዚኸውን ጸጋ ክንረክብ ብትብዓት ናብቲ ጸጋ እንረኽበሉ ዙፋን ኣምላኽ ንቕረብ" (ዕብ 4:15-16)። ሕማማትን ሞትን ትንሣኤን መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንምድራውን ዘለዓለማውን ሕይወትና ዘራኽብ ናይ ድኅነት ድልድል እዩ። በዚ ምኽንያት ከኣ፣ "ነኣምን ነኣምን ነኣምን፣ ሕማሞ ለዘኢይሓምም፣ ርግዘተ ገቦሁ ነኣምን፣ ወቅንዋተ እደዊሁ ነኣምን፣ ፎ ፎ ፎ፣ ነኣምን ሞተ ወትንሣኤሁ"፣ ናይ'ቲ ዘይሣቐ ሥቓዩ ነኣምን ኣሎና፣ መውጋእቲ ጐድኑ ነኣምን፣ ምሽንካር ኣእዳዉ ነኣምን፣ ሞቱን ትንሣኤኡን ነኣምን (ዓርቢ ስቕለት ዘነግህ) ብምባል፣ ብምስጢር ፋሲካ፣ ማለት ብስቓይን ሞትን ትንሣኤን ዕርገትን፣ መድኃኒናን ጐይታታን ኣምላኽናን ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ስቓይ ምድራዊ ሕይወት ናብ ሓጐስ ዘለዓለማዊ ሕይወት ከምእተሳገርና ነረጋግጽ። ማኅሌት ዘፋሲካ ከምዝብሎ፣ "ፋሲካ ብሂል ማዕዶት፣ እስመ ዐደወ እግዚእነ እሞት ውስተ ሕይወት"፣ ጐይታና ካብ ሞት ናብ ሕይወት ስለዝተሳገረ፣ ፋሲካ ማለት ምስጋር ማለት እዩ። ኣብዚ ምድሪ እዚ እንነብሮ ሕይወት ተጋድሎን ስቓይን ብትሩፋት እቲ በጃና ዝተሳቐየን ዝሞተን ዝተንሥኣን ክርስቶስ ጉደና ዘለዓለማዊ ሕይወት ከፊቱልና እዩ።

ኣብ ጊዜ መስዋዕተ ቅዳሴና ከኣ ካህን ኣብ ጊዜ ንባብ ወንጌል፣ ማቴዎስ፣ ማርቆስ፣ ሉቃስ ዘጸሓፎ፣ ቅዱስ ወንጌል ምስ በሉ፣ ነፍስ ወከፍና፣ "ስብሐት ለከ ክርስቶስ እግዚእየ ወኣምላክየ ኩሎ ጊዜ"(መጽሓፈ ቅዳሴ)፣ ኦ ክርስቶስ ጐይታይን ኣምላኸይን፣ ኩሉ ጊዜ ክብሪ ነኣኻ ይኹን፣ እናበለ ብዜማ ይምልስ። እዚ ከኣ ኣሰር እቲ ንመጀመርያ ጊዜ፣ "ጐይታይን ኣምላኸይን!"(ዮሓ 20:28) ዝበለ ቅዱስ ቶማስ ሓዋርያ ተኸቲልና፣ ኣብቲ ንሞት ኣሸኒፉ ዝተንሥአ ክርስቶስ ዘሎና ዓቢይ እምነት ንምግላጽ ኢና እንደግሞ። ኢየሱስ ካብ ሙታን ምስ ተንሥአ፣ ነታ ቀዳመይቲ ምስክር ትንሣኤኡ ክትከውን ዝተዓደለት ማርያም መግደላዊት፣ "ገና ናብ ኣቦይ ስለዘይዓረግኩ ኣይትተንክፍኒ፣ ግናኸ ናብ ኣኅዋተይ ኪዲ እሞ፣ 'ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን፣ ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን እዓርግ ኣሎኹ' በልዮም፣ በላ"(ዮሓ 20:17-18)። ንሳ ድማ ከምቲ ጐይታ ዝበላ፣ ብሕይወቱ ከምዝረኣየቶን ነቲ ከተብጽሓሎም ዝነገራ'ን ከይዳ ኣበሠረቶም።

ንሕና ግና፣ ድሮ ደቂ ትንሣኤ ስለዝኾንና፣ ነቲ ንሞት ዘሸነፈ ክርስቶስ፣ "ለከ ኃይል፣ ክብር ወስብሓት ወዕዘዝ ለዓለም ዓለም"፣ "ስብሓት ለከ ክርስቶስ እግዚየ ወኣምላክየ፣ ኩሎ ጊዜ"! እናበልና ከነምልኾን፣ ክንውድሶን፣ ከነኽብሮን ዕድል ኣሎና። ቅዱስ ጳውሎስ ኣብቲ ናብ ሰብ ፊሊጵስዩስ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፣ ኢየሱስ "ንርእሱ ትሕት ብምባል ክሳዕ ሞት፣ ኣረ እኳ ደኣ ክሳብ ኣብ መስቀል ሙማት ተኣዘዘ። ስለዚ እውን ኣምላኽ፣ ልዕሊ ኩሉ ልዕል ኣበሎ፣ ልዕሊ ኩሉ ስም ዝኾነ ስም ከኣ ሃቦ። ስለዚ ንኽብሪ ስም ኢየሱስ፣ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ዘሎ ኩሉ ፍጥረት፣ ብብርኩ ክምብርከኽ እዩ። ንኽብሪ እግዚኣብሔር ኣቦ ከኣ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ከምዝኾነ ብጋህዲ ክእመን እዩ"(ፊል 2:8-11) ይብል። እቲ ፍጹም ሰብን ፍጹም ኣምላኽን ዝኾነ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንኃይልታት ጸልማት ኣሸኒፉ ብክብሪ ኣብ የማን ኣቦኡ ተቐሚጡ ንጉሥ ሰማይን ምድርን ኮይኑ እዩ። ስለዚ ንኣና ምእንቲ ክሕሸና፣ ምስ እግዚኣብሔር ኣቦን መንፈስ ቅዱስን ክብርን ምስጋናን ኣምልኾን ከነቕርበሉ ግቡእ እዩ። እዚ ኣምልኾን፣ ክብርን ምስጋናን ግን ብቃል ጥራይ ዘይኮነ ብልቢ ብግብሪ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ከነንጸባርቖ የድሊ። ቅዱስ ያዕቆብ ኣብ መልእኽቱ፣ "እምነት ምግባር እንተዘይብላስ ንርእሳ ምውቲ እያ" (ያዕ 2:17) ከምዝበሎ፣ ንመንስኤ ሙታን ክርስቶስ ትርጉም ዘለዎ ክብርን ምስጋናን ከነቕርብ እንተኾይንና ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ከነንጸባርቖ ኣድላዪ እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ራእይ ዮሓንስ፣ ነዚ ምእንታና ብስቓይን ሞትን ሓሊፉ ናብ ትንሳኤን ክብርን ዝተሳገረ ገንሸል ፋሲካና ዝኾነ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣመልኪቱ፣ "ኣብ ዙርያ እቲ ዙፋን እቶም ኣርባዕተ እንስሳን እቶም ኣሕሉቕን ከም ድምጺ ብዙኃት መላእኽቲ ሰማዕኩ፣ ቍጽሮም ድማ ኣእላፍ ጊዜ ኣእላፍ፣ ኣሽሓት ጊዜውን ኣሽሓት፣ ዓው ብዝበለ ድምጺ፣ 'እቲ ዝተሓርደ ገንሸል፣ ሥልጣን፣ ሀብቲ፣ ጥበብ፣ ኃይሊ፣ ክብሪ ግርማ ክቕበል ብቑዕ እዩ' በሉ። እቶም ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን፣ ኣብ ትሕቲ ምድርን ኣብ ባሕርን ኣብኣቶም ዘለዉ ኩሎም ፍጡራን ድማ 'ውዳሴን ክብርን፣ ግርማን ሥልጣንን፣ ነቲ ኣብ ዙፋን ተቐሚጡ ዘሎን፣ ነቲ ገንሸልን ይኹን' ክብሉ ከለዉ ሰማዕኩ። እቶም ኣርባዕተ እንስሳ ከኣ 'ኣሜን' በሉ። እቶም ኣሕሉቕ'ውን ፍግም ኢሎም ሰገዱ" (ራእ 5:11-14)። ንሕናውን፣ ከምቶም ካህናት ሰማይን፣ መላእኽትን ቅዱሳንን ነዚ ንሞት ኣሸኒፉ መንገዲ ዘለዓለማዊ ሕይወት ዝኸፈተልና መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ "ለከ ኃይል፣ ክብር ወስብሓት፣ ወዕዘዝ ለዓለመ ዓለም"፣ "ስብሓት ለከ ክርስቶስ እግዚእየ ወኣምላክየ ኩሎ ጊዜ"፣ እናበልና፣ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና፣ ብጊዜ መስዋዕተ ቅዳሴ፣ ስግደት ቅዱስ ቍርባን፣ ጸሎተ ሰዓታት፣ ዋዜማ፣ ማኅሌት፣ ኣብ ኩሉ ናይ ግልን ናይ ኃባርን ግብረ ኣምልኾናን ጸሎትናን፣ ምህልላና፣ ክንሰግደሉን፣ ክንውድሶን ከነመስግኖን ክንልምኖን ይግባእ። ነቲ ንሕና ሰላም ምእንቲ ክንረክብ ኩሉ መቕጻዕቲ ናብኡ ዝወረደ ንሕናውን ብስምብራቱ ዝሓወና ንጉሠ ሰላም መድኃኔ ዓለም፣ ኣብ ሃገርናን ኣብ ምሉእ ዓለምን፡ ውግእን ወረ ውግእን ኣርሒቑ ሰላሙ ክንግስልና፣ ነፍሲ ወከፍና "ኦ ጐይታ፣ ኣነ ኣኣምን፣ ኣነ እሰግድ፣ ኣነ ተስፋ እገብር፣ እፈትወካ እደልየካ፣ ምሳኻ ሓደ ግበረኒ፣ እንካብይ እውን ኣይተፈለ" ይበሎ። "ኣማን በ፡ማን ተንሥአ እምነ ሙታን"! ክብሪ ስብሓት ስግደት፣ ምስጋና፣ ንእኡ ዝተገብአ እዩ።ቡሩኽ ሰሙነ ሕማማትን በዓል ትንሣኤን ይግበረልና። ኣሜን።

+ [signature]

ኣቡነ መግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀጳጳሳት ዘበኣሥመራ

Metropolitan Archeparchy of Asmara